ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መደብ ብጋህዲ፡

ኣብ መስከረም ዶት ኔት ኣትየ ብኣቶ ቀለታ ኪዳነን ተሓባበርቱን ትዳሎ “መደብ ብጋህዲ ኣብ ወጻኢ” ቀኑጽሪ ኣርባዕተን ሓሙሽተን ከምኡ’ውን ውልቃዊ ርእይቶ ምሕሬ ወዲ ኣባሻውል ብዛዕባ ቁጽሪ ኣርባዕተን ብመደብ ኣዳለውቲ ዝተዋህበ መልስን ድሕሪ ምንባበይ ኣነውን ካብ መን ሓሚቀ ብማለት ብዓቕመይ ነዛ ስዒባ ትንበብ ርእይቶ ፈይ ከብል ተደፋፊኤ። ንዝህቦ ርእይቶ ዘይርዕሙሉ እንተስ ካብ ደገፍቲ ድዩ ተቃወምቲ ወይ ከኣ “ተቀየምቲ” መንግስቲ ብዙሓት ከምዝህልዉ ርግጸኛ'የ። እቲ ቁም-ነገር ዘይምርዓሞም ዘይኮነስ እንታይ ድኣ ምኽንያት ዘይመርዓሚኦም ብጋህዲ ብመርትዖታት ኣሰንዮም ከረድኡን ክጉስጉሱን ምስዝፍትኑ'ዩ ድሕሪ ምባል ናብ ርእይቶይ ከሰጋግረኩም።

ፕረሲደንት ግዚያዊ መንግስቲ ሃገረ-ኤርትራ ክቡር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዕለት 21 ግንቦት 1994 ኣብ ዝተጋብኣ ፈላሚ ኣኼባ ግዝያዊ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ኣብ ዝስምዖ መደረ “መጻኢ ዕድል ሃገርና ዘተኣማምን ምእንቲ ክኸውን ሕጊ ከምዝነግስ ምግባር ቅዋማዊ መንግስቲ ምምስራት ንደሞክራስን ደሞክራሲያዊ ትካላትን ውሕስነት ስለዝኾነ ልዕሊ ዝኾነ ጉዳይ ንሰርሓሉ ሕቶ ኢዩ” ኢሉ ኔሩ። ብሓቂ’ውን ካብ 1994 ክሳብ 1998 (ወራር ማፍያዊ ስርዓት ኢትዮጲያን ተሓባበርቱን) ልዕሊ ኹሎም ካልኦት ኣገደስቲ ሃገራዊ ጉዳያት ተሰሪዑ ከምዝተሰርሓሉ ዘካትዕ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ንዕኡ ዘረጋግጹ ቡዙሓት ጭብጥታት ስለዘለዉ። ገለ ካብቶም ጭብጥታት ንምጥቃስ ቅዋም ምንዳፍን ምጽዳቕን ኣዋጅ ፕረስን ውጺኢት ፕረስን ብደረጃ ዓድን ዞባታትን ምርጫታት ምክያድ። ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣማኻሪ ፕረሲደንት’ውን ብወገኑ ኣብ መጽሔት “ሕድሪ” 2005 ብዛዕባ ፖለቲካዊ መስርሕ ኣመልኪቱ “ኣብ ሓደ ሃገር ኵናት ንሙሉእ ኩነታቱ ከም ዝጸልዎን ቀዳምነቱ ከም ዝቀያይሮን ዝተፈልጠ’ዩ። ኣብ ሃገርና ኸኣ ሕቶ ሰላም ጌና ኣይተመለሰን ዘሎ። ወያኔ ንብይን ዶብ ነጺግዎ’ዩ። ስለዚ ተኽእሎ ኲናት ኣብ ዘለወሉ ሃዋህው ኢና ንነብር ዘሎና። ነዚ ኩነታት’ዚ ኣብ ግምት ብምእታው’ምበኣር ፖለቲካዊ ኣካይዳና ብኸመይ ንስርዖ? ነየናይ ቀዳምነት ንህብ? ነየናይ ብኻልኣይ ደረጃ ንጥምቶ ክንፈሊ ይግባእ” ኢሉ ኔሩ። ናይ ኣቶ የማነ ትንተና ሓቅነቱ ብሰዒቡ ዝግለጽ ተመክሮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸን ግዜ ንባዕሉ’ውን ዓቢ መምህር ስለዝኾነ ሎሚ ቡዙሕ ዘካትዓና ኣይመስለንን ።

ህዝቢ ኤርትራ ምስ’ቲ ውሑድ ቁጽሩን ንኡስ ናጽነታዊ ዕድመኡን ድሩት ዓቕሙን ዜሮ ዲፕሎማስያዊ ደገፍ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ንሰለስተ ሰፋሕትን ተኸታተልትን ወራራት ማፍያዊ ስርዓት ኢትዮጲያን ኣሳሰይቱን ብጀካ ምምካት ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን። ሃንደበታዊን ሓደገኛን ክስተት ብምንባሩ ንኹነታቱ ጸልዩ ቀዳምነቱ ክቅይር ከምዘገደዶ’ውን መብዝሕትና ንርዕመሉ ጉዳይ ይመስለኒ። ንዓይ ዝገረመኒ ነገር እንተሎ ከምቲ ማፍያዊ ስርዓት ኢትዮጲያ ንህላዌኡ ምስ’ቲ ዘካየዶ ወራራት ብምትእስሳሩ ኩሉ ኣሎ ዝብሃል ሃብቲ ናይ ልዕሊ 90 ምልዮን ህዝቢ እትዮጲያ ኣብ ሽሙተ ኣጽዋርን ዕሱባት ወጻእተኛታትን ኣዋፊሩ ኣሽሓት ንጹሃት ደቂ ብሄር ኣምሓራ ኦሮሞን ካልኦትን ኣሰሊፉ ናይ ዝሃለቀ ይህለቅ ዝዓይነቱ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ሓንጺጹ ዘካየደ ሰፋሕቲ ወራራት ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ገሓሒጡ ከም ፈኺራኡ ሳሕል ከብጽሖ ዘይምኽኣሉን ንሱ ዝባረኾን ንዕኡ ዝምእዘዝን ዕሱብ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ኸተክል ዘይምኽኣሉን'ዩ። ንምክልኻል ሓይልታት ኤሪትራ ኽግሕጥን ዕሱብ መንግስቲ ክተክልን ዘይምኽኣሉ መርኣያን መግለጺን ልኡላዊነት ህዝቢ ኤሪትራ ምኳኑ’ውን ዝከሓድ ኣይኮነን።

ማፍያዊ ስርዓት ኢትዮጲያ ኣብ ባይታ ድሌቱ ከተግብር ኣይኽኣል ድኣምበር ወራራቱ ተርእዮ ተንበርካኽነት ንኽንጸባረቕ ከምዝደረኸን ሕቶ ምርግጋጽ ሰላምን ልኡላውነትን ድማ ልዕሊ ዝኾነ ሃገራዊ ጉዳያት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክስርሓሉ ከምዝደረኸን’ውን ሚስጢር ኣይኮነን። ኣብዚ ኣጸቢቑ ክንጸር ዘለዎ ዓቢ ጉዳይን ንሕና ኤርትራውያን ብሓባር ክንርዕመሉን ክንሕበነሉን ዝግባእና ህዝቢ ኤርትራ ፈትዩ ንኽቡር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈ-ወርቂ ከም መራሒኡ ክሸሞን ኣይፈተዎን ድማ ካልእ ክሸይም ስልጣኑ'ምበር ስልጣን ሓያል እየ ዝበለ ጎረቤት ሃገር መንግስትን ኣሳሰይቱን ዘይምኳኑ በቲ ድሩት ዓቕሙ መኪቱ

ልኡላውነቱ ብግብሪ ምርግጋጹ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሰላሙን ልኡላውነቱን ምእንቲ ከረጋግጽ ፈትዩ ዘይኮነ ተገዲዱ ንውሱን መሰጋገሪ መድርኽ (እቲ መሰጋገሪ መድረኽ ዝብሎ ንተጻብኦ ማፍያዊ ስርዓት ኢትዮጲያን ተሓባበርቱን ንምምካት ካብ ዘይንቡር ናብ ንቡር ሂወት ንሰጋገረሉ እዋን ዘጠቓልል ኾይኑ ይስምዓኒ ) ንውልቀ-ምልካዊ መሪሕነት (Autocratic Leadership) ፕረሲደንት ሃገረ-ኤርትራ ርዒምዎ ከምዘሎ'ውን ቡዙሕ ዘካትዕ ኣይመስለንን። ኣብዚ ውልቀ-ምልካዊ መርሒነት ክብሃል ከሎ መጀመርታ ኣብ ኣእምሮና ቅጅል ዝብለና እቲ ኣሉታዊ'ምበር ኣወንታዊ ሸነኹ ኣይኮነን። ኣወንታዊ ሸነኹ ምስ ፍሉይ ክንሰግሮ ዝግብኣና መድርኽ ኣዛሚድና ክንርድኦ እንተሓገዘ ብማለት ብቋንቋ እንግሊዝኛ ካብ መዝገበ ቃላት ትርጉምን መብርህን ከምኡ'ውን ጅም ሲትርን ዝተባህለ ኣሜሪካዊ ተመራማሪ "መሪሕነት" ብዛዕባ "መራሒ" ኣብ በዳሂ ኩነት ኣመልኪቱ ዝሃቦ ርእይቶ እነሆ፡

*Autocratic Leadership: The person in charge has total authority and control over decision making. It involves high control and little group input. Autocratic leadership style works well if the leader is competent and knowledgeable enough to decide about each and everything. Authoritative is considered one of the most EFFECTIVE LEADERSHIP STYLES in case there is some EMERGENCY and quick decisions need to be taken. In situations that are particularly STRESSFUL such as MILITARY CONFLICTS, group members MAY PREFER an AUTOCRATIC STYLE. An autocratic style can be used effectively in situations where the leader is the MOST KNOWLEDGEABLE MEMBER of the group or has access to INFORMATION that other members of the group don't.

*Jim Citrin, a top executive recruiter & leadership expert said the following about a leader: "To lead people in uncertain times, project a sense of continuity, of having managed through similarly difficult predicaments. Just as panic is contagious, so too is a feeling of calm, which, when it kicks in, can settle the frayed nerves of those around you!"

ንዓይ ከምዝርድኣኒ እዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ትርጉምን መብርህን ብዛዕባ ውልቀ-ምልካዊ መሪሕነትን መራሕን ናብ ክቡር ፕረሲደንት ሃገረ-ኤሪትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝኽተሎ ዘሎ ኣገባብ ኣመራርሓ ዚያዳ ዝቐረበ ኮይኑ ይስምዓኒ። መሪሕነት ፕረሲደንት ካብ ናብ ደሞክራሲያዊ ዝያዳ ናብ ወልቀ-ምልካዊ ዝዘንበለ ምኧኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንዕኡ ዘረጋግጹ ጭብጥታት ስለ ዘለዉ። ካብቶም ጭብጥታት ፈጻሚ ኣካል ብዘይ ቀይዲ ሓጋጊ ኣካል (ግዝያዊ ሃገራዊ ባይቶ ደስኪሉ ስለዘሎ) ንልዕሊ 15 ዓመት ይሰርሕ ምህላዉ ህግደፍ (ፓለቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ እመርሕ ኣሎኹ ዝብል ውድብ) ካብ ዝምስረት ንልዕሊ 22 ዓመት ጉባኤ ዘይምክያዱ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ማእከላይን ብቀሊል ዘይግመት ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለኡን ክሳብ ሎሚ ክትክእ ዘይምኽኣሉን ምጥቃስ እኹል መረጋገጺ ይመስለኒ። ብሓጺሩ ሓጋጊ ኣካል ደስኪሉ ፉሉይ ቤት ፍርዲ ተኣዊጁ ህግደፍ ብመጠኑ ተወጊኑ (ብወገነይ ብመጠኑ ምውጋኑ'ውን ክሳብ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ብሰፊሑ ዝግለጽ ኣይጸልኣን'የ) እንዳተዓዘብና ብዛዕባ ህላዌን ዘይህላዌን ደሞክራሲያዊ ምሕደራ ምክታዕ ትርጉም ዝህልዎ ኣይመስለንን በሃላይ'የ።

ህዝቢ ኤሪትራ መብዝሕትኡ ክብል እደፍር ንበሊሕ ግን ከኣ ወልቀ-ምልካዊ መሪሕነት ፕረሲደንቱ ብጺጋ ተቀቢሉ ወራራት ንዘስዓቦ ከቢድ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ማሕበራውን ጸገማትን ተጻዊሩ ብምምካቱ እንሆ ሎሚ ሉኣላዊነቱ ንምርግጋጽ ኣብ ጫፍ ኣፈፌት ሙሉእ ዓወት በጺሑ ከም ዘሎን ብኣንጻሩ ተጻባእቱ ምስ ግዜ ናይ ምትግባር ዓቅሞም እንዳተዳኸመ መጽዩ ኣብ ኣፈፌት ዕርበቶም ይርከቡ ከም ዘለው'ውን ንኹሉ ስውር ኣይኮነን። ብወገነይ ንወልቀ-ምልካዊ መሪሕነት ፕረሲደንት ኣብ ሞንጎ'ቲ ክስገር ዘለዎ መድርኽ ኣቀሚጠ ብውዱዕ ክመዝኖ እንተድኣ ኾይነ ካብ ኣሉታ ኣወንታ ከምዝዓቢ ህልዊ ኩነታትናን ተጻባእትናን ዓቢ ምስክር'ዩ በሃላይ'የ። ይኹንድኣ'ምበር ንሱ ዘስዓቦ ኣሉታ ከምዘሎውን ክንክሕዶ ግቡእ ኣይኮነን። ንኣብነት (ናይ ዓቀን ሕቶ ተዘይኮይኑ) ፍትሒ ምጉዳል ርግጸት ሰብኣዊ መሰላት ጉድለት ጽፉፍ ምሕደራን ብከላን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ንኩውንነትናን ንሱ ዘስዓቦ ኣሉታን ወኒና ምብድሆም ድኣምበር ካብኦም ክንሃድምን ዝተፈላለየ ምኽንያታት እንዳ መሃዝና ዘይመልክዖም ከነልብሶም ምፍታንን'ውን ዘዋጽኣና ኣይመስለንን። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ንሕና ኤርትራውያን ብሓባር ክንርዕመሉ ዘሎና ሓደ ደረቅ ሓቂ'ውን ኣሎ። ንሱ ድማ ንፕረሲደንትና ሽሕ ግዜ ንፍተዎ ንዘልኣለም መተካእታ ልዕልና ሕግን ቅዋማዊ መንግስትን ክኸውን ኣይክእልን። ኣይግባእን'ውን። ነዚ ደረቅ ሓቂ ብጺጋ ምስ እንቅበልን ምድኻም ተጻባእትና ኣብ ግምት ምስ እነእቱን እምበኣር ከምቲ ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣማኻሪ ፕረሲደንትና ዝበሎ ቀዳምነታትናን ኣድህቦናን ፈቲና ጸሊኢና ናብ ልዕልና ሕጊ ምንጋስን ቅዋማዊ መንግስቲ ምትካልን ከም ዝዝምብል ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ መደምደምታ ህዝቢ ኤሪትራ ኣጀንዳ ልዕልና ሕጊ ምንጋስን ቅዋማዊ መንግስቲ ምትካልን በቲ ዝመደቦ ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣየተግበሮን። ዊዒሉ ሓዲሩ ካብ ምትግባሩ ካልእ ኣማራጺ ግን የብሉን። ምትግባሩ ንባዕሉ ዓቢ ብድሆ ምዃኑ'ውን ዝከሓድ ኣይኮነን። ካባ ሕሉፍ ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤሪትራን ስውኣትናን ተጎልቢ.ብና ጥራይ'ውን ክንብድሆ ንኽእል ኣይመስለንን። ስለዚ ንሕና ኣብ ዲያስፖራ እንርከብ ኤሪትራውያን ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ኣብ ክንዲ ብሕሉፍ ንካሰስን ንምካሕን ንቅድሚትን መጻእን ብምምዕዳው ንጉዳይና ጉዳይ ዜግነት ዘማእከለ ህንጸት ሃገር ልዕልና ሕግን ቅዋማዊ መንግስትን ቀሲናን ረጊኢናን ብጋህዲ ሓሳባትና እንገልጸሉን ኢሂን ሚሂን እንባሃሃለሉን መድረኽ ብዓንተቦ ነጣጥሕ። መንግስትና ክንውድስን ክንቃወምን መባእታ ዜግነታዊ መሰልና'ዩ። ኮይኑ ግን ኣብኡ ጥራይ ከይተሓጸርና ብዓቅምና ብኽጥዕመና ዝኽእል መንገድን ኣገባብን ኣብ ከነድምዓሉ እንኽል ቦታ መሪጽና ንፕሮጀክት ዜግነት ዘማእከለ ህንጸት ሃገር ንልዕልና ሕግን ቅዋማዊ መንግስትን እጃምና ነበርክት። ንምንታይ'ሲ ከምቲ ፕረሲደንት ሃገረ-ኤሪትራ ክቡር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝበሎ ውሕስነትና ንደሞክራሲን ደሞክራሲያዊ ትካላትን ንሱ ጥራይ ስለዝኾነ። ሰላም ቅነ ንኹልና። ኣብ ርክብና ኩሉ ግዜ ኢሂን ሚሂን ነቀድም። የቀንየለይ።

13 መስከረም 2016